# *ሃገራዊ ሸማግለ ጀርመን ብዕለት 09.06.2018*

# *ናይ ክልተ ዓመት ገምጋም ስራሕ ኣካይዱ*

*ሃገራዊ ሸማግለ ጀርመን : ኣብ ትሕቲ ራኢይ ብዕዮ ! ዝብል ቴማ ;ብዕለት 09.06.2018 ዓ.ም. ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ጀርመን ምስ ወከልቲ ሃገራዊ ሸማግለ ከተማታት ጀርመን ኣብዚቃንዖ ኣኼባ ናይ ክልተ ዓመት ስራሕ ገምጊሙ ፡ ንመጻኢ ብዝለዓለ ደርጃ ሃገራዊ ዕማማቱ ከዕውተሉ ዘኽእል መደባት ሓንጺጹ።*

*ጸሓፊ ሃገራዊ ሸማግለ ጀርመን ኣቶ ሙሴ ፍስሃየ ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራቡ :ናይ'ቲ ዕለት ዛዕባታት ብቀደም ተኸተል ንተ,ጋባእቲ ብምልላይ : ኣብ ዝተኻየዱ ፍጻሜታትን ንዉሁድ ኣበርክቶ ናይ ኩሎም ውዳበታትን ሃገራውያንን ነባሮ ሃገረ ጀርመን ኣቶኪሩ ብሓያል ጻዕሪ ንተሳትፎ ከተማታት ዝተኻየደ መደባት ገለጸ።*

*ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ውጺኢታዊ ኣበርክቶ ባይቶ ሃገራዊ ሸማግለ ብምምዃስ፡ ኣብ ቀጻሊውን ነዚ ኣገዳሲን እዋናውን ሃገራዊ ተልእኮ ብዝሓልየለ ውዳቤ :ክስርሓሉ ንሃገራዊ ሸማግለ ጀርመን ድማ ቀጻሊ ምሉእደገፍ ብኤምባሲ ሃ/ኤርትራ ኣብ ጀርመን ከምዝረክብ ብምርግጋጽ ፡ ንኹሎም ኣብ ምሕያል ሃገራዊ ሸማግለ ዝዋስኡ ኣባላት ባይቶ ሃ/ሸማግለ ንግዱሳት ዘጋታት ድማ ልዑል ምስጋና ኣቕረበ። ስዒቡ ኣቶ ዮውሃንስ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር ኣቶኪሩ መግለጺ ሃበ ።*

*ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓ/ህዝባዊን ኮማዊን ጉዳያት/ኤምባሲ ኤርትራ ጀርመን : ኣብ ዘስምዖ ቃል : ንኣኼበኛታት እንቋዕ ንመበል 27 ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራን ኣብጺሑ ፡ ናይቲ ብምሉእ ሓልዮትን ዓቢ ተወፋይነትን ጻዕርን ዝሓትት ንጥፈታት ሃገራዊ ሸማግለ ኣብ ጀርመን ምግምጋም ኣብቕዓኩም ክብል ልባዊ ምንዮቱ ገለጸ። ኣስዒቡ ሃገራዊ ሸማግለ ጀርመን ኣብ ምኹላዕን ኤርትራዊ መንነት ኣብ ምዕቃብን ምዕዛዝ ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ ተልእኮን ምስ ውዳቤታት ብምውሃሃድ ክድርዕን ኣገዳስነቱ ብምትንታን ፡ ሃገራዊ ሓልዮት ብምቕዳም ክሳብ ሕጂ ብምሉእ ድልየትን ተወፋይነትን ተዳራቢ ስርሓት ብምሓዝ ብዘይዕረፍቲ ሃገራዊ መደባት ዕዉት ክኸውን ዝሰርሑ ዘለዉ ግዱሳት ዜጋታትና ድማ ዝለዓለ ምስጋና ኣቕረበ።*

*ኣስዒቡ : ዶ/ር ተስፋይ ዓብለሎም :ኣቦ ወንበር ሃገራዊ ሸማግለ ጀርመን : ብስም ሃገራዊ ሸማግለ ጀርመን ንተጋባእቲ ኣኼባ ወከልቲ ሃገራዊ ሸማግለ ከተማታትን ጽቡቕ ምንዮት ድሕሪ ምግላጽ በቲ ሓያልን ዕዙዝ ተወፋነት ናይ ኩለን ውዳበታት ኣባላትን ግዱሳትን ኤርትራውያን ከተማታት ጀርመን ንተፈላለዩ ብድሆታት መኪትናን ንሃገራዊ ተልእኮና ንምዕዋት ካብ ዘካየድናዮም ናይ ክለተ ዓመት ስራሓት ገምጊምና ኣብቲ ዝጽበየና ዘሎ ዓቢ ተልእኮ ኣብ ህንጻትን ልምዓት ሃገርን እጃምና ንኽነበርክት ፤ ከስርሓናን ከዕዉትናንን ቀጻልነት ዕብየትናን ንመንእሰያትና ከውርሱ ዘኽእሉ ብኣወንታዊ ውሳነታትን ለብዋታትን ኣኼባና ክንዛዝም ዘሕድሮ እምነት ዓቢ'ዩ ክብል ፡ ንተሳተፍቲ ናብ ሓበራዊ ዘተ ዓደመ።*

ኣብቲ ናይ ክልተ ዓመት ንጥፈታት ናይ ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ሓፈሻዊ ገምጋም : ከተማታት ተሞኩሮታተን ብምግላጽን ብምልውዋጥን ንተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ሃገራዊ ሽማግለ: ከም መምርሒ ብመንግስቲ ተዋሂቡ ዘሎ ከቢድ ሓደራ መጠን : ብትብዓት ክገጥምዎን መረዳእታ ኣሕይሎም ክሰርሕሉን ሃገራዊ ግዴታ'ውን ስለዝኾነ : ውህደትን ጥምረትን ኣቐዲሞም : ብቐንዱ'ውን ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ከም መትከል በተን 6 ዓሚዲታት ሃገርዊ ቻርተር ኤርትራ : 1. ሃገራዊ ስኒት : 2. ፖለቲካዊ ዲሞክራሲ: 3. ቁጠባዊን ማሕበራዊ ምዕባለን : 4. ማሕበርዊ ፍትሒ ( ቁጠባዊን ማሕበራዊ ደሞክራሲን ) : 5. ባህላዊ ትንሳኤ : 6. ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር : ተመሪሖም ዝሰርሕሉ ንምዕዋት ሃገራዊ ተልእኾ ምዃኑ እቲ ኣኼባ ኣስሚሩሉ :

ኣብ ዝቐረበ ሓባራዊ ዘተ : ሃገራዊ ሽማግለ ብዝልዓለ ሓይሉ ስርሑ ንክቕጽል ካብ ዝሓለፉ ለበዋታት :

1. ንተዋሂቡና ዘለ ሃገራዊ ተልእኾ ንምዕዋቱ ብውህደትን ሓድነትን ምዃኑ ታሪኽ ቃልሲና ዘረጋገጾ ሓቂታት ስለዝኾነ : ሃገራዊ ሽማግለ ሓይሉ ስርሑ ክቕጽል ውህደት ኣቐዲምና ኣበርቲዕና ክንሰርሓሉ ይግባእ :

2. መረዳእታ ሃገራዊ ሽማግለ ናብ ኩሉ ዜጋታት ክዓዘዝ ቀጻሊ ጕዳስን ሓበሬታን ክካየድ ለበዋኡ ኣቕረበ :

3.ውህደትን ጥምረትን : ብስራሕ ስለዝረጋገጽ : ግንዛበ ውዳበታትናን ዜጋታትናን ምስ መድረኻዊ ኩነታትን ጥምሖታት ሃገርናን ተዛሚዱ ንቕሓትና ክብርኽን እጃምና ከንበርክትን ጸዊዑ:

4. ኩሉ ሃገራዊ ንጥፈታትን በዓላትን ብሃገራዊ ሽማግለ ተማእኪሉ : ንኩለን ውዳበታትና ዘሳትፍ ውሁድ መደብ ስራሕ ክዳሉ ኣስሚሩሉ :

5. ተልእኾ ሃገራዊ ሽማግለ : ንምዕዋት ሃገራዊ ረብሓ ኮይኑ : መንእሰያት ምምልማልን ሕድሪን ሪምን ምርካብ ስለዝኾነ : መንእሰያት ነዚ ተረዲኦም : ንቕሓቶም ኣበሪኾም ንምንዳቕ ሃገራዊ ሽማግለ ኣበርክተኦም ክዕዝዙ በዚ ኣጋጣሚ መጸዋዕታ ኣቕረበ :

6. መንግስቲን ትካላት መንግስቲን : ንሃገራዊ ሽማግለ ንምዕዋት ዘይተሓለለ ጻዕሪን ደገፍን ከካይድ'ኳ እንተጸንሐ : ሕጂ'ውን ብዝለዓለ ደገፉ ከበርክት እምነት ሃገራዊ ሽማግለ'ኳ እንተኾነ : ሕጂ'ውን ብዝለዓለ ደግፉ ክዕዝዝ ንጽውዕ:

ርእይ ብዕዮ
ዘልኣለማዊ መጎስን ክብሪን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ሃ/ሽ/ጀርመን